
# ወሲባዊ ጥዕና





# ወሲባዊ ጥዕና

**ወሲባዊ ጥዕና**

ጾታዊ ጥዕና ኣብ ጉዳይ ጾታዊነት ዝርከብ ፣ ኣካላዊ፣ ስነ-ኣእምራዊ ከምኡውን ማሕበራዊ ባህታ እዩ። ኣብ ልዕሊ ጾታዊነት ስጋዊ ርክብ ጽቡቕን ኣዎንታውን ኣረኣእያ ክህልወና ይግባእ። ከምኡውን እቲ ጾታዊ ርክብ ናይ ወሲባዊ ፍስሃ ምንጪን ኮይኑ ፣ ብዘይ ሓደጋ፣ብዘይ ዓመጽ ብዘይ ምፍልላይ ከምኡውን ብዘይ ጎነጽ ክትግበር ኣለዎ።

**ጾታዊነት/ወሲባዊነት**

ጾታዊነት ቀንዲ መትኒ ናይ ሰብኣዊነት ህላዌ ምንባር እዩ። ንሱ ድማ ጾታዊነት፣ ጾታዊ መንነት፣ ንጾታዊ ዕግበት፣ ጾታዊ ዝንባለን ነቲ ዝተፈላለየ ጾታታትን ምስኡ ዝዛመድ ጾታ ኣብ ማሕበራዊ ትርጉምን ግደን ናይ ነስወከፍ ዝጾሓፍ ኣምር እዩ።

ብዓለምለኻዊ ውድብ ሓለዋ ጥዕና (OMS) ዝተዋህበ መብርሂ ፣ www.oms.org


# ንዕላል ዝኣክል/ መበገሲ ዕላል ዛንታታት

በዘን ዝስዕባ ዛንታትት ተምርኩስና ጾታዊ ጥዕና ኣዝዩ ሰፊሕን ብዙሕ ገጻት ዘለዎ ኮይኑ፣ ጾታዊ ርክብ ንጀምር ኣይንጀምር ብዘየገድስ፣ ዕድሜና ከይፈለየ ንኩላትና ዝምልከት ምዃኑ ከነርእየኩም ንፈቱ።

ሓድሓደ ግዜ ዝኸብደና ነገራት ጼርና ፣ ብዛዕባ ጸገማትና ክንዛረበሉ ንኽእል ቦታታት ምህላዉን ፍታሕ ክንረክብ ከም ንኽእልን ኣሎ ኢልና ኣይንሓስብን።

ኣብ ከተማ ጀነቫ ሕቶታት ምስ ዝህልወና፣ ጸገማት ምስ ዘጋጥመና፣ ጥርጣሬ ምስ ዝህልወና፣ ሓበሬታታት ብዙሕ ሓገዝ ክንረኽበሉ ንኽእል ቦታታት ኣሎ ። እንተኾነ ግን ኣበይ ከም ዝርከብ ምፍላጥ ቀሊል ነገር ኣይኮነን !

ስለዚ ኣብዛ ንእሽቶ መጽሄት፣ ዝተፈላለየ ቦታታትን ኣድራሻታት ናይ ዝተፈላለያ ኣብ ከተማ ጀኔቫ ኣብ መዳይ ጾታዊ ጥዕና ዝነጥፋ ትካላት ክትረኽቡ/ባ ትኽእሉ/ላ። ኣብዚ ቦታታት ክሕግዙኹምን ፣ ከሰንዩኹምን ሕቶታትኩም ክምልሹን ዝኽእሉ ሞያውያን ክትረኽቡ ትኽእሉ።








* ብስጋዊ ርክብ ሕማማት/ረኽሲ



ዎው፤ ርኤ መን ይመጽእ ከም ዘሎ!
ሀይ፣ ብዛዕባ ደቀ ኣንስትዮ ከምዚ ጌርና ኣይንዛረብን ኢና! ዋላ'ኳ ምስኣ ሌላ ክገብር እንተደለኹ!
እሞ ኸኣ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ካልኢታት ንምፍሳስ እንተኾይኑ...


ናይ ኤችኣይቪ መርመራ ክገብር ከይደ ነይረ
ኤችኣይ ቪ፣ ናይ ኤይድስ ቫይረስ። ንስኻኸ ተመርሚርካ ዲኻ፧
ናይ ምንታይ፧
ኣያይያይ ተረዲኡካ ኣሎ መን ይፈልጥ፣ እቲ ውጽኢት ናይቲ መርመራ ፖሲቲቭ እንተኾይኑ፣ እቲ ሓኪም ኣብ ስርሔይ ከይዱ ክነግረለይ ኢዩ።
ኣይፋሉን ! እቶም ናይ ሕክምና ሰራሕተኛታት፣ ነቶም ኣስራሕቲ ሓበሬታታት ኣይህቡን እዮም...
ንስድራቤትካ'ኸ፧ እቲ ሓኪም ነቶም ስድራ ይሕብር ድዩ፧
ፈጺሞም ! እቶም ሰራሕተኛታት፣ ነቲ ናይ ሕክምና ምስጢር ከኽብሩ ኣለዎም፣ ንፖሊስ ይኹን፣ ንስድራቤት ይኹን ኣብ ናይ ስራሕ ቦታ ክዛረቡ ኣይክእሉን እዮም ።


ሓደ ዝንገር ነገር ኣሎና...
ሮዛሊና ጥንስቲ እያ !
ድሕሪ 6 ወርሒ ክትሓርስ እያ !
ዎው ! እንቋዕ ሓጎሰኩም !
ተሓጒስኩም’ዶ ኣለኹም
ሓቀይ ፧
ኣንታ እወ !
... ኣነስ ኣይፋለይን፣
ስለምንታይ ፧


ከመዓልኪ ጽብቐተይ ብዘይ ኮንዶም'ዶ ትገብሪ፧ እይትሸገሪ፣ ጽሩይ እየ ሕማም የብለይን፣ ሰበይትን ቆልዑትን ኣለዉኒ።
መዓረየ፣ ናይ ሕክምና መርመራ ውጽኢትካ ንመርዓትካ ክሓትት ኣይኮንኩን፣ ሓቀይዶ፧ ምሰይ ስጋዊ ርክብ፣ ምጥባው ብልዕቲ (ፌላስዮን) ይኹን ካልእ ከም ምእታው/ፐኔትራስዮን፣ ኩሉሳዕ ብኮንዶም እዩ ዝካየድ።


ሄይ ፣ እቲ ዳግማይ ዘጋጠመኒ ነገር ኣይፈለጥክዮን ዘሎኺ !፧ ኣብ ስራሕ ዓቢ ጸገም ኣሎኒ ።
እህም እንታይ ፧ ሓቅኺ ዲኺ ፧ እንታይ ከኣ ፧
ይቕሬታ፣ ኩሉ ቀልበይ ኣብዚ « ራንኮንትር ፋሲል» ዝብል ኣፕሊኬሽን ከይዱ፣ ኣብዚኣ ጀረሚ እንሀ ፣ መልሲ ምሃብ ረሲዔዮ። ብሰሉስ ኣላንን ማርኮን ረኺበዮም፣ ሎሚ ምሸት ምስ ኮጆ ክንራኸብ ኢና !
ቢፕ ቢፕቢፕ
ቢፕ ቢፕቢፕ
ኣንቲ ትሰምዕኒ ዶ'ሎኺ ወይስ ብዛዕባ ጾታዊ ርክብ ጥራይ ኢኺ ትሓስቢ ፧
ኣይትሓዝለይ፣ ናይ ቁምነገር፣ እዚ ኩሉ ናይ መራኸቢ መጻምድቲ ክገድፎ እፍትን እየ፣ ሓድሓደ ግዜ ትርጉም የብሉን ይብል፣ ግናኸ ካብ ዓቕመይ ንላዕሊ ኮይኑኒ ክቆጻጸሮ ኣይክኣልኩን።


ከመይ ኣሎኺ ምስዚ ሓድሽ ዓርክኺ ፧
ግርም፣ ብጣዕሚ ኢና ንፋቐር
ስምዒ'ባ ኣብቲ ናይ ሓሙስ ናይ ሳልሳ ኮርስ ኣይትመጽን ኢኺ ዘሎኺ።
ኣይመጻእኩን ምኽንያቱ ሰርጅ ምስቶም መሓዙተይ ክራኽብ ኣይደልየንን እዩ !
ብሓቂ ፧
ቍሩብ ክቆጻጸር ይፍትን እዩ፣ ግን ምስ እነፍቅር ባህርያዊ እዩ ሓቀይ እንድየ ፧
ኣይፋሉን፣ ኣይመስለንን !


ንዒ ገዛ ንእቶ፣ እዛ ምሸት ኣብ ገዛና ንቐጽላ ።
መ  መርያ ሓንቲ ሕንጻጽ ናይ ኮኬይን (ዕጸ-ፋርስ)'ዶ ክንገብረላ ፧ እቲ ወሲባዊ ፍስሃ (ፐሌዚር) ነዊሕ ግዜ ክጸንሕ ይደልዮ ኣለኹ....
ዝሓለፈ ግዜ እቲ ስጋዊ ርክብ ነዊሕ ሰዓታት ጸኒሑ፣ ግናኸ ናይ ስጋዊ ርክብ ፍስሃ ኣይነበሮን !




* ጸዋር ናይ ኤች ኣይ ቪ ቫይረስ


ዋው ብጣዕሚ ጽቡቕ፣ ምሳኻ ስጋዊ ርክብ ምግባር ብጣዕሚ እዩ ደስ ዝብለኒ !
ብሓቂ ! ብጣዕሚ ጽቡቕ ነይሩ



ስምዓኒ፣ እዚ ክኒና መከላኸሊ ጥንሲ ቅጭ የምጽኣለይ ኣሎ...
ነቲ ዘንጊ-ሆርሞን (ኣምፕላንት) ወይ ስተሪለት ዘይትፍትኒ ፧ ...ወይከኣ ቆልዓ ዘይትወልዲ ፧


ኦሀ ርኣዩ ጁሊ እንሀለት!
ጁሊ፧...
መንያ ንሳ፧
ኣሃ ብሓቂ እቲ ወረ
ኣይበጽሓኩምን ማለት
እዩ! ጁልያን ትዝክርዎዶ፧
ሕጂ ጁሊ እዩ ዝበሃል፣ ጓል
ኣንስተይቲ ኮይኑ እዩ።
ኣብ መጀመርያ ጋሻ ነገር
ኮይኑና። ንዓኣ ግን፣ተደናጊርና
ክትርእየና፣ ቀኍሩብ ከቢድዋ ነይሩ።
ሃየ ንዑናይ ምስኣ ንሳዕስዕ!


ሓኪም ናይ ማህጸን
ዶ/ር ኢሻ
3 ይ ደርቢ
ሃየ ንዕናይ መዓረየ...
ግንከ ነጊረኪ ጥቕሚ
ከም ዘይብሉ ኣብ ናይ
ማህጸን ሓኪም ምኻድ፣
ምስ ደቂ ኣንስትዮ ጥራይ
እየ ዝድቅስ/ዝገብር
ብሓንሳእ ናይ ብጾታዊ ርክብ ዝመጽእ ሕማማት መርመራ ክትገብራ
ምሕታትክን ጽቡቕ ገበርክን ። ኣብ መንጎ ክልተ ደቂ ኣንስትዮ ጾታዊ
ሕማማት ይተሓላለፍ እዩ። ክላሚድያ ዝበሃል ሕማም እንተደኣ ኣብ ግዜኡ
እንተዘይተፈልጠ ናይ ምምካን ጸገም ከምጽእ ይኽእል።


ትማሊ ምሸት ኣብቲ ፌስታ እንታይ ከም ዘጋጠመ ፈጺመ ክዝክር ኣይከኣልኩን...
እእህህ... ምስ ዓርኪ ጀሮም ኣብቲ ክፍሊ ክታትዊ ከሎኺ ርኢናኪ
ስጋዊ ርክብ ጌርና መስለኒ ግን ሰኺረ ነይረ ደኣ እምበር፣ ብሓቂ ክድቅስ ኣይደሌኹን ነይረ
ናይ ሕክምና ምርመራ ክትገብሪ ኣገዳሲ እዩ፣ ንዕናይ ከነካይደኪ ኢና !


ዋላ ስጋዊ ርክብ ከይገበርካ ንነዊሕ ዓመታት ጽናሕ፣ እሞ ኸኣ እቲ ርክብ ስጋ እንተደኣ ተመሊስና ጀሚርናዮ ግርም ከም ዝሰርሕ ትፈልጥ'ዶ ኔርካ፧
ናይ ግድን ! ኣነ ን2 ዓመት ዝኣክል ዝምድና ኣይነበረንን ብድሕሪኡ ፍቕሪ ሒዙኒ... ኩሉ ግርም ኣሎ።
መርመራ ናይ ኤይድስን ካልኦት ጾታዊ ሕማማትን ክሳብ ነካይድ፣ ኮንዶም ክንጥቀም ኣሎና።
እወ ብሓቂ፣ መርመራ ምክያድ፣ ምዝካሩ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ ! ምኽንያቱ ጾታዊ ሕማም ክንልከፍ፣ ግን ዋላሓንቲ ስምዒት ወይ ምልክት ዘየልቦ ክኸውን ይኽእል እዩ።


እዚ ዘንታት እዚ ንኹሉ ዘጠቓልል ኣይኮነን ኻልእ ዘንታታት ውን ኣሎ።
ንክትዛረቡ ነተባብዓኩም ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ።

# ኣድራሻታት ናይ ሓበሬታ፣ ምምርማርን ምኽርታት ናይ ጾታዊ ጥዕናን ፣ ወይውን ናይ ብስጋዊ ርክብ ዝመሓላለፍ ሕማማት መርመራን

**መብዛሕትኤን ካብዘን ተጠቒሰን ዘለዋ ቦታታት ተርጎምቲ ብነጻ ክጽውዕልኩም ይኽእሉ።** እቲ ተርጓሚ ሞያዊ ምስጢር ክዕቅብ ግዱድ እዩ።

| ኣድራሻታት | ንመን ይምልከት | ንጾታዊ ጥዕና ዘወሃብ ክንክን | ዌብ ሳይት |
|---|---|---|---|
| ናይ ሓፈሻዊ ሓኪም፣ ናይ ማህጸን ሓኪም፣ ናይ ዕሽላት ሓኪም፣ናይ ቆርበት ሓኪም፣ ኡሮሎግ፣ናይ ስነ-ኣእምሮ ሓኪም፣ ናይ ጾታ-ሓኪም.... ናይ ውልቂ ሓኪም ይኹን ኣብ ስፒታል ዓቢናይ ጀነቫ ዝግበር ክንክን (HUG)<br><br>ኣብ ነፍስ-ወከፍ ቤት-ትምህርትን፣ ማሕበራዊ መራኸብን ዝርከቡ ሰብ-ሞያ(ሜዞን ደ ካርትየ፣ ሆስፒስ ጀነራል፣ ናይ ሓበሬታ ነቑጣታት... | ንኹሉ ሰብ ይምልከት | ናይ ኤችኣይቪ መርመራ ምክያድን ምክትታል፣ ክንክን፣ ክከም ኣድላይነቱ ናብ ዝምልከቶ ፍሉይ ቦታ ንምኻድ ሓበሬታታት ምሃብ | www.amge.ch<br>www.hug.ch<br><br>www.ge.ch/education-sexuelle-affective<br>www.geneve.ch/fr/themes/social/politique-sociale-proximite/points-info<br>www.hospicegeneral.ch |
| **Aspasie / ኣስፓዚ**<br>Rue des Pâquis 11<br>022 732 68 28 | እቶም ነጋዶ ስጋዊ ርክብ/ ብምንዝርና ዝናበሩን፣ ዓማዊሎምን | ናይ ኤችኣይቪ መርመራ ምክያድን ከከም ኣድላይነቱ ጾታዊ ሕማማት ምምርማርን<br>ክንክን ናይ ጾታዊ ጥዕና<br>ምኽርታት፣ ምክትታልን | www.aspasie.ch |
| **Boulevards / ቡለቫርድ**<br>Bd Helvétique (mardi, jeudi)<br>Pl. des Alpes (mercredi)<br>078 735 89 83 | እቶም ነጋዶ ስጋዊ-ርክብ/ ብምንዝርና ዝናበሩን፣ ዓማዊሎምን | ናይ ኤችኣይቪ መርመራ ምክያድን ክከም ኣድላይነቱ ጾታዊ ሕማማት ምምርማርን<br>ክንክን ናይ ጾታዊ ጥዕና<br>ምኽርታት፣ ምክትታልን | www.aspasie.ch |
| **PVA-Genève / ፐ ቨ ኣ-ጀነቭ**<br>Rue des Pâquis 35<br>022 732 44 45 | ብኤችኣይቪ(ኤይድስ) ዝተለኽፉ ሰባትን፣ ምስኦም ዝነብሩን ዝኣሊ ማሕበር ኣብ ጀኔቫ | ምኽርታት፣ ምክትታልን ንጥፈታት ፐ ቨ ኣ /P V A ምትሕግጋዝ | www.pvageneve.ch |
| **CAMSCO - HUG / ካምስኮ - ሆስፒታል HUG**<br>Rue Hugo-de-Senger 2-4<br>022 372 53 11 | ኢንሹራንስ ንዘይብሎም ሰባትን ወይ ናይ ገንዘብ ጸገም ንዘለዎምን | ናይ ኤችኣይቪን ፍንጣጣን መርመራ ሓበሬታ ብዛዕባ ካልኦት ጾታዊ ሕማማትን | www.hug.ch/consultation/soins-communautaires-camsco |

# ኣድራሻታት ናይ ሓበሬታ፣ ምምርማርን ምኽርታት ናይ ጾታዊ ጥዕናን ፣ ወይውን ናይ

**መብዛሕትኤን ካብዘን ተጠቒሰን ዘለዋ ቦታታት ተርጎምቲ ብነጻ ክጽውዕልኩም ይኽእሉ።** እቲ ተርጓሚ ሞያዊ ምስጢር ክዕቅብ ግዱድ እዩ።

| ኣድራሻታት | ንመን ይምልከት | ንጾታዊ ጥዕና ዘወሃብ ክንክን | ዌብ ሳይት |
|---|---|---|---|
| **Checkpoint - GE / ቸክፖይንት ጀነቫ - GE**<br>Rue du Grand-Pré 9<br>022 906 40 30 | ኤልጀበተኲኢ+ን መጻምዶምን<br>(ግብረሶዶማውያን፣ባይሰክሽወል፣<br>ትራንሰክሽወል/ለውጢ ጾወታ | ናይ ኤችኣይቪ መርመራ ምክያድን<br>ፐፕ-ፕረፕ- ክታበታት<br>ክንክን፣ ክትትል ናይ ጾታዊ ጥዕና<br>ምኽርን ምስናይን<br>ክንክን ስነ-ኣእምራዊ ጥዕና | www.checkpoint-ge.ch |
| **Fédération genevoise des associations LGBT**<br>**ፌደራስዮን ጀነቭዋዝ ዴዝኣሶስያሲዮን ኤል በተ LGBT**<br>076 437 84 14 | ግብረሶዶማዊት፣ግብረሶዶማዊ፣<br>ባይሰክሽወል/ክልተኣዊ ጾታ፣<br>ትራንሰክሽወል/ ለውጢጾታ፣<br>ኣሰሽወል/ስጋዊ-ርክብ ኣልቦ፣<br>ኢንተርሰክስ/ክልተኣዊ ጾታ | ምኽርን ምስናይን<br>ኤልጀበተን መጻምዶምን<br>ምትሕግጋዝ | www.federationlgbt-geneve.ch |
| **Groupe Santé Genève / ግሩፕ ሳንተ ጀኔቭ**<br>Rue du Grand-Pré 9<br>022 700 15 00 | ተጠቃዕቲ ሰባት ፣ኤልጀበተኲኢ+ን ፣<br>ስደተኛታትን፣<br>እቶም ነጋዶ ስጋዊ ርክብ/<br>ሽርሙጥናን ዝተዋፈሩ | ናይ ኤችኣይቪን ካልእ ጾታዊ ሕማማት<br>መርመራን<br>ፐፕ-ፕረፕ- ክታበታት<br>ክንክን፣ ክትትል ናይ ጾታዊ ጥዕና<br>ሕጋዊ ምኽሪ<br>ምኽርን ምስናይን | www.groupesantegeneve.ch |
| **Pôle Santé Social de l'Université de Genève / ፖል ሳንተ ሶስያል ደሉኒቨርሲተ ደ ጀነቭ**<br>022 379 77 79 | ተመሃሮ ዩኒቨርሲተ ናይ ጀኔቫ | ምክትታል ሕክምና<br>ነጻ-ኩፖን ንናይ ኤችኣይቪ መርመራ | www.unige.ch/dife/sante-social/sante |
| **Première ligne / ፕረምየር ሊኝ**<br>6 rue de la Pépinière<br>022 748 28 78 | ዕጸ-ፋርስ (ድራግ) ተጠቀምቲ | ናይ ኤችኣይቪን ወይቦን መርመራ<br>ምኽርን ምስናይን | www.premiereligne.ch |
| **Tests anonymes VIH/sida - HUG**<br>**ተስት ኣኖንይም ቨኢኣሽ/ሲዳ - HUG** | ንኹሉ ሰብ ይምልከት | ናይ ኤችኣይቪ መርመራ ወይውን ከከም ኣድላይነቱ ካልእ ጾታዊ | www.testvih.ch |

# ብስጋዊ ርክብ ዝመሓላለፍ ሕማማት መርመራን

| ኣድራሻታት | ንመን ይምልከት | ንጾታዊ ጥዕና ዝወሃብ ክንክን | ዌብ ሳይት |
|---|---|---|---|
| **Unité de santé sexuelle et planning familial – HUG / ክፍሊ ጾታዊ ጥዕናን ውጥን ስድራቤትን ሆስፒታል**<br>47 bd de la Cluse<br>022 372 55 00 | ንኹሉ ሰብ ይምልከት | ሓበሬታ ብዛዕባ ጾታዊ ሕማማት<br>ናይ ጥንሲ መከላኸሊታት<br>ሜላታት ህጹጽ-ግዜ፣ ናይ ጥንሲ ምርመራ<br>ጥንሲን፣ ወለንታዊ ምንጻል ጥንሲን (IVG)<br>ረጽሚ/ቭዮላንስ<br>ምክትታል ሰብ-ሓዳር<br>ጾታዊነት/ ሰክሽዋሊቲ<br>ጾታዊ ዝንባለ/ሰክሽዋል ኦርየንቴሽን<br>ጾታዊ መንነት/ሰክሽዋል ኣይደንቲቲ | www.hug.ch/sante-sexuelle-planning-familial |
| **FRANCE VOISINE** | | | |
| **Unité de santé affective et sexuelle Centre Hospitalier ANnecy GEnevois (CHANGE) / ዩኒተ ደ ሳንተ ኣፈክቲቭ ኤ ሰክስወል ሳንትስ ሆስፒታልየ ኣንሲ ጀነቭዋዝ**<br>Saint-Julien-en-genevois<br>CPEF + CEGIDD: 0033 450 49 67 39 | ኣብ ጎረቤት ሃገር ፈረንሳ ዝነብሩ ተቐማጦ | ናይ ኤችኣይቪ ምርመራ ወይውን ከከም ኣድላይነቱ ካልእ ጾታዊ ሕማማት ምምርማርን | CEGIDD :<br>www.auvergne-rhone-alpes.ars.sante.fr/centres-gratuits-dinformation-de-depistage-et-de-diagnostic-vih-ist-hepatite-c-0 |
| **Centre Hospitalier Alpes Léman (CHAL) ሳንትር ሆስፒታልየ ኣልፕ ሌማን (CHAL)**<br>Contamine-sur-Arve<br>CPEF: 0033 450 82 23 93<br>CEGIDD: 0033 450 82 30 57<br>**Centre de Planification et d’éducation familiale (CPEF) / ሳንትር ደ ፕላኒፊካስዮን ኤ ደ ኤዱካስዮን ፋሚልያል**<br>Ornex 0033 450 42 89 87 | | ክንክን ጾታዊ ጥዕናን፣ ስምዒታትን (ቪ ኣፈክቲቭ) | CPEF :<br>www.ain.fr/solutions/cpef/<br>www.hautesavoie.fr/planification-et-education-familiale |

# LEXIQUE

**ምዕቃብ ሕክምናዊ ምስጢር፣** ወይ ሞያዊ ምስጢር፣ እዚናይቲ ተሓካሚ ሂወትን ዝምልከቶ ነገራትን ንምሕላው ዝዓለመ እዩ። ሓበሬታታት ብምስጢር ይዕቅብ። ብዘይ ናይቲ ተሓካሚ ፍቓድ ዝኾነ ሓበሬታ ንኻልኦት ሰባት ይኹን ትካላት ከነውጽእ ከነካፍል ኣይከኣልን እዩ።

**ደፒስታጅ፣** ናይ ጥዕና ጸገም ኣሎን ወይ የለን ኢልና ንምውሳን ዘኽእለና ናይ ሕክምና መርመራ እዩ።

**ኢኤስተ፣** ኣብ ግዜ  ብጾታዊ ርክብ ስጋ ካብ ሓደ ሰብ ናብቲ ሓደ  ዝመሓላለፉ ሕማማት/ረኽሲ። እቶም ቀንዲ ሕማማት፣ ኤይድስ፣ ክላሚድያ፣ ጅግል፣ ፓፒዮማቪሩስ (HPV) ሄርፐስ- ዕንፉሩር ናይ ብልዕቲ ፡ ሄፓቲት በ- ወይቦ፣ ሄፓቲት ሰ፣ ዝኾነ ብጾታዊ ርክብ ዝመጽእ ረኽሲ ክሕዘና ግንከ ዝኾነ ይኹን ምልክታት ሕማም ከኣ ዘይርኤ ክኸውን ይኽእልዩ ።

**ኤች ኣይ ቪ፣** ማለት ሂዩማን ኢምዩኖዲፊሸንሲ ቫይረስ ማለት እዩ። ኣብዚ ግዜ ነቲ ቫይረስ ዝቃለስ ናይ ኤችኣይቪ ኣፋውስ (ኣንቲቫይረስ) ኣሎ። እቲ ቫይረስ ኣይእለይን እዩ ግን ተገዲቡ ክመሓላለፍ ኣይክእልን። ብዘይ'ዚ መድሃኒት ብግዜ ብዘይ ኮንዶም ዝካየድ ጾታዊ ርክብ፣ ስሪንጋ ናይ ካልእ ሰብ ምስ ንጥቀም፣ ብግዜ ጥንስን ምጥባው ጡብን ካብ ኣደ ናብ ህጻን ክመሓላለፍ ይኽእል። እዚ ቫይረስ ስርዓት ምክልኻል ሕማማት ሰውነትካ ኣጥቂዑ ዓቕሚ ምክልኻል ዘዳኽም ቫይረስ እዩ።

**ሲዳ/ኤይድስ፣** ኤይድስ እቲ ዝኸበደ ደረጃ ዝበጽሔ ናይ ኤችኣይቪ መልከፍቲ እዩ። እዚ ደረጃ እዚ ድሕሪ ገለ ዓመታት ናይ መልከፍቲ፣እቲ ሰብ ጸረ-ኤችኣይቪ መድሃኒት ምስ ዘይወስድ እዩ ዘጋጥም። እቲ ሰብ መድሓኒት ምስ ዘይወስድ ፣ ከበድቲ ሕማማት ውን (እቲ ናይ ብያነ/ኢሙኒቲ ስለዝዳኸም) ብቐሊሉ ከጥቅዕዎ ይኽእሉ።

**ኤች ኣይ ቪ-ኣወንታ፣** ማለት እቲ ሰብ ኤችኣይቪ ኣለዎ ማለት እዩ። ኤችኣይቪ-ኣወንታ ዝኾነ ሰብ፣ ናይ ኤይድስ ቫይረስ ኣብ ኣካላቱ ዝኣተወ፣ ተሰካሚ ኤችኣይቪ ቫይረስ እዩ። ኤች ኣይ ቪ-ኣወንታ ዝኾነ ሰብ ኣብ ሰብነቱ ዝኾነ ዓይነት ምልክታት የብሉን፣ ሕሙም ውን ኣይኮነን።

**ኣስተብህል፣** ኣስተብህል ፣ ጸረ ቫይረስ መድሃኒት ናይ ኤች ኣይ ቪ ቀልጢፍካ እንተ ጀሚርካዮ እቲ ቫይረስ ካብ ሓደ ሰብ ናብ ካልእ ሰብ ክላባዕ ኣይክእልን፣ ከምኡውን ብካልእ ሕማማት ክትጥቃዕ ኣይትኽእልን ። ሳላ ዚ ጸረ-ቫይረስ መድሃኒት፣እቶም ሴሮ-ፖሲቲቭ(ኤች ኣይ ቪ ኣወንታ) ዝኾኑ ሰባት ከምቶም ምሉእ ጥዕና ዘለዎም ሰባት፣ ክሰርሑ ፣ ቆልዑት ክወልዱ፣ ስፖርት ክገብሩ ከምኡውን ነዊሕ

**ክኒና- ዘንጊ ሆርሞን - ስተሪለ፣** እዚኣቶም መከላኸሊ ጥንሲ እዮም። ዘይተደልየ ጥንሲ ንኸይመጽእ ይከላኸሉልና። ግናኸ ካብ ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማት/ረኽሲ ኣይከላኸሉን እዮም። ካልኦት መከላኸሊ ውን ከም እኒ፣ኣብ ቆርበት ዝጥቃዕ መከላከሊ፣ ቀለቤት ርሕሚ፣ምልካዕ ሙቐት ሰብነት ፣ ባህርያዊ ኣገባባት፣ ኮንዶም ደቀንስትዮ፣ ኮንዶም ንተባዕታዮ ወዘተ። እዞም መከላኸሊታት ጥንሲ ኣብዝኾነ ግዜ ደው ከነብሎም ንኽእል ። ነቲ መከላኸሊ ደው ምስ ነብል ጥንሲ ክንሕዝ ንኽእል። ካልኦት ሜላታት ከም፣ ናይ ጽግያት « ዑድት ብምምዝጋብ » (ዘይትጠንሰሉ ግዜ ምጽብጻብ ካብቲ ጽግያት ዝመጸሉ ግዜ ምጽብጻብ) ከምኡውን ሜላ ናይ ምኹላፍ ወይ «ምውጻእ» (ኣብ ግዜ ጾታዊ ርክብ እቲ ወዲ ተባዕታይ፣ ቅድሚ ዘርኢ ምፍሳሱ ነቲ ብልዕቲ ምውጻእ) ። እዚኣቶም ዘተኣማምኑ ሜላታት መከላኸሊታት ጥንሲ ኣይኮኑን። ካብ ብጾታዊ ርክብ ስጋ ዝመሓላለፉ ሕማማት/ረኽሲ ክከላኸሉልና ኣይክእሉን እዮም።

# ካብ ጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማት ንምክልኻል ክትግበሩ ዘለዎም መሰረታዊ ጥንቃቐታት፤

1. ስጋዊ ርክብ ብብልዕቲ ወይ ብመቐመጫ ክግበር እንከሎ፡ ግድነት ኮንዶም ምጥቃም)።
2. ምጥባው ብልዕቲ (ፈላስዮን) ምስ ንገብር ኮንዶም፣ ከም ኡውን ምልሓስ ብልዕቲ-ሰበይቲ (ኩኒላንጉስ) ምስ ነካይድ መከላከሊ ትርብዒት/ካረ ደ ፕሮተክስዮን) ምጥቃም።
3. ናይ ወርሓዊ ጽግያት ደም ወይ ውን ፈሳሲ ናይ ዘርኢ(ስፐርም) ኣብ ኣፍ ምውጋድ።
4. ኣብቲ ከባቢ ብልዕቲ እንተኣሕኪኹና/ኣሳሕዩና፣ እንተኣቃጺሉና፣ፈሳሲ እንተኣልዩ፣ፈጸጋ ወይ ካልእ ጸገማት ኣብ ብልዕቲ፣ ኣብ መቐመጫ ወይ ውን ኣብ ኣፍ ምስ ዝህሉ ከይደንጎኻ ናብ ሓኪም ምኻድ።
5. ስሩዕ ዝኾነ ናይ ኤች ኣይ ቪ ምርመራ ምክያድ።

ንንጹር መምርሒታት ነዚ ዌብ ሳይት ምውካስ : www.check-your-love-life.ch

# ኣሕታሚ

**ጾታዊ ጥዕና ዝሓሰብን ዝከናኸንን ጉጅለ**
ኣስፓዚ፣ ቡለቫር፣ ኮንሱልታስዮን ኣምቡላትዋር ደ መደሲን ደ ስዋን ኮሙኒቴር- HUG (ካምስኮ) - ኮንሱልታስዮን ደ ደርማቶሎጂ አት ቨኔሮሎጂ- HUG ፣ ኮንሱልታስዮን ኤች ኣይ ቪ HUG (ተስት ኣኖኒም) - ድያሎጌ፣ ዲረክስዮን ደ ላ ኮሙኒካስዮን - HUG፣ ግሩፕ ሲዳ ጀኔቭ፣ ሰርቪስ ደ ሳንተ ደ ልኣንፋንስ አት ደ ላ ጀነስ (OEJ – DIP)፣ ሰርቪስ ደ ኤድሳን ካንቶናል( SMC - DSES), ሰርቪስ ደ መድሲን ፔኒታንስየር - HUG, ዩኒተ ደ ሳንተ ሰክስዌል አት ፕላኒንግ ፋሚልያል - HUG

---

**ኣተሓባባሪ**
ጀንቪየቭ ፕረቲ
ክፍሊ ጾታዊ ጥዕና ምጣኔ ስድራቤትን፣ ሆስፒታል

**ድርሰት**
ኣንቶንዮ ብራስ፣ ሚሃኣላ ቺናሞ፣ፋብያን ሻፖ
ማርቲን ገራር ሽትሮባኽ፣ሜላኒ ሚሾ፣
ጀንቪየቭ ፕረቲ፣ደኒዝ ዌትዘል

**ትርጉም፣**
ሳባ ሰዓረ ነማርያም

**ስእልታት**
ሉቺና ብረራ(ገጽ 4,5,7-16, 18-20፣ ገበር)
ክሪቲያን ባችታ (ገጽ 6,17)

**ግራፊዝም**
ኣንቶንዮ ብራስ
**ክፋል ናይ ግራፊዝም**
www.baccup.ch

**ሕትመት**
ከተማ ጀኔቫ

ንኹሎም ለገስቲ ስለ ክቡር ህያብኩም ብዙሕ ምስጋና ነቕርበልኩም።

ጀኔቫ፣ መጋቢት 2021

ነዛ መጽሄት እዚኣ ከምኡውን ምሉእ ዝርዝር ኣብ ጀነቫ ዝርከባ ብዛዕባ ጾታዊ ጥዕና ዝከናኸና ኣብዛ ዌብሳይት

**www.santesexuelle-ge.ch**

እዚ ሰነዳት እዚ ካብ ኢንተርነት ከነውርዶ ንኽእል


SANTÉ SEXUELLE
Histoires d'en parler


SALUD SEXUAL
Historias de las que hablar


SAÚDE SEXUAL
Histórias que dão o que falar


SEXUAL HEALTH
Stories to talk about


صحة جنسية
قصص
للحديث عنها


ወሲባዊ ጥዕና
መበገሲ
ዕላል ዛንታታት


SĂNĂTATEA SEXUALĂ
Sa discutăm impreună




VILLE DE GENÈVE

REPUBLIQUE ET CANTON DE GENEVE
POST TENEBRAS LUX

HUG Hôpitaux Universitaires Genève

Groupe santé Genève

Aspasie

Boulevards

CHECKPOINT
UN SERVICE DE DIALOGA